# Eparchial Statutes

**<u>በብእዋኑ ዝወጽኤ</u>**

**<u>መንፈሳዊ መምርሒታት</u>**

**<u>ኤጳርቅና ከረን</u>**

<u>2005</u>

# ትሕዝቶ

## ቀዳማይ ክፋል ፥


፩ይ ኣርእስቲ፣ ብዛዕባ ቅድሴ 4

ኣንቀጽ 1. ኣገባብ ኣቀዳድሳ 4
ኣንቀጽ 2. ኣገባብ ሥርዓተ ቅዳሴ 5

፪ይ ኣርእስቲ፣ ብዛዕባ መባእ 14

ኣንቀጽ 1. መባእ ቅዳሴ 14
ኣንቀጽ 2.ኣብ ንግደት ዝወድቅ መባእ 16
ኣንቀጽ 3. ኣብ ሰናብትን በዓላትን ተራ መዓልትን ዝወድቅ መባእ 16
ኣንቀጽ 4 .ቅዳሴ ጎርጎርዮስ ዝርኢ 16

፫ይ ኣርእስቲ፥ ብዛዕባ ምሥጢራት 17

ኣንቀጽ 1. ፈለምቲ ምሥጢራት 17
ኣንቀጽ 2. ምሥጢረ ተክሊል 22

፬ይ ኣርእስቲ፥ ብዛዕባ በዓላት 24

ኣንቀጽ 1. ልደት 24
ኣንቀጽ 2. ሥርዓተ ዑደተ ሆሣዕና 25
ኣንቀጽ 3. ቀዳም ሥዑር 26
ኣንቀጽ 4. ሥርዓተ ትንሣኤ 28
ኣንቀጽ 5. ብዛዕባ ዓመታዊ ክብረ በዓል28

፭ይ ኣርእስቲ፥ ብዛዕባ ኣጽዋማት 30

፮ይ ኣርእስቲ፥ ብዛዕባ ሥርዓተ ቀብሪ 31

፯ይ ኣርእስቲ፥ብዛዕባ መርዓ ኣብ ሰናብቲ 33




መምርሒ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን


3. ሽማግለታት ብኣረኣእያ ምስ ዝፈላለዩ እቲ ቆመስ ዝድግፎ ሓሳብ ይጸድቅ።

8ይ- ጸብጻባት

- ሽማግለ ኣብ ዓመት ክልተ ጊዜ ንምእመናን ቀሺምስና፥ ኣብ ወርሒ ጥርን ምዕጻው ዓመትን (ጳጉሜ) ጸብጻብ ክህቡ ይግባእ። ወይ ካልእ ዝሰማምዕዎ ጊዜ ክውስኑ ይክእሉ፥

9ይ. ምስንባት

1. ሓደ ሽማግለ፥ ዓዲ ብምልዋጥ፥ ብሕማም ምክንያት ወይ ብሞት ኪልወጥ ይከኣል።
2. ሓደ ሽማግለ ሥራሑ ብግቡእ ከማልእ ምስ ዘይርከብ ጉዳዩ ብቆመስን ብሽማግለን ተራእዩ ካብ ሥራሕ ክሰናበት ይከኣል፥
3. ሓደ ሽማግለ ምስ ዝጽግሞ ናብ ቆመስን ሽማግለን ጸገሙ ብጽሑፍ ብምቅራብ ኩነቱ ተራእዩ ተቀባልነት ምስ ዝረክብ ካብ ሥራሑ ክሰናበት ይክእል።

ለቡ፥ እዚ ሕጊ እዚ ብኤጳርቅና ደረጃ ዝተሰናደወ ስለዝኮነ ንሓሙሽተ ዓመት ጸኒዑ ይጸንሕ፥ ድሕሪኡ ክልወጥ ወይ ክመሓየሽ ወይ ከምዘሎዎ ክተርፍ ይከኣል።

\+ ኣባ ኪዳነ የዕብዮ
በጸጋ እግዚእብሔር ወበሥመረተ መንበረ ጴጥሮስ
ጳጳስ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን

- ዝንቀሳቀስን ዘይንቀሳቀስን ንብረት ቊምስና ይከታተል።
- ምጽዋትን መባእን ቊምስና ተቀቢሉ ንቆመስ ኣፍቂዱ ኣብ ባንክ የቀምጥ።
- ናይ ቊምስና ናይ ኣታውን ወጻእን መዝገብ ይሕዝ።
- ዝኾነ ገንዘብ ብቕብሊት ይቕበል።
- ዝኾነ ወጻኢ ብቕብሊት (voucher) የውጽእ።
- በብወርሑ ሕሳብ ይዓጹ።
- መንፈቃውን ዓመታውን ጸብጻብ የቕርብ

**1.5 ተቈጻጻሪ**

- ኣብ ዝግበር ናይ ሕሳብ ወይ ናይ ንብረት ጸብጻባት ሓቂ ምኳኑ የረጋግጽ።

3. ሽማግለ ቤተ ክርስትያን ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ይከታተሉ፥

**ሀ. ንቤተ ክርስትያን ዝምልከት፥**

- ንዋየ ቤተ ክርስትያንንንኅብስትን ወይንን ዝከውን ይሓልዩ
- ምስ ቀመስ ኲይኖም ግብሪ ታቦትን ካልእ ንኣኡ ዝኣመሰለ ነገራት ንምውጻእ ይሕግዙ
- ካብ ዝኣቱ ምጽዋት ነቲ ዝምልከቶም ብሥርዓት ይሕዙ፤
- ቁጠባዊ ጕኒ ቁምስና ምዕሩይ ንምግባር ይጽዕሩ
- ዓመታዊ ባ- ት ቁምስና የጽድቁ

**ለ. ንምእመናን ዝምልከት**

- ምእመናን ቁጠባ ቁምስናኦም ንምብርታዕ ጕስጓስን ሓገዛትን ከምዝገብሩን ምግባር

**ሐ. ንቆመሳት ዝርኢ**

- ሽማግለ ንቆመሳቶም ልማድ ኤጳርቅናኦም ብምክፃል ዓ ቅሞም ዘፍቅዶ ሓልዮት ክገብሩሎም ይግባእ።
- ኣብ ዕለታዊ መነባብሮኦም ንዘጥፍእዎ ናይ ማይን ኤለትሪክን ካልእን ከምዝሓልዩሎም።

  ኣብ ዓመታዊ ክብረ በዓል ቁምስናኦም ዝኣቱ ዝኾነ ዓይነት ምጽዋት ዝምልከት ኣብ 2ይ ኣርእስቲ ብዘሎ ተመራሕ።

## 7ይ ኣርእስቲ ፥ጊዜ ኣኼባ

1. ሽማግለ ኣብ ———————— ኣኼባ ይገብሩ።
2. ሽማግለታት ብሓባራዊ ስምረት ወይ ብብዝሒ ድምጺ ጉዳዮም ይውስኑ።





፭ይ ኣርእስቲ፥ ብዛዕባ ግብሪ ታቦት 34

ካልኣይ ክፋል፥ ኣከያይዳ ቁምስናን 35

1

6

ሳልሳይ ክፋል፥ሽማግለ ቤተ ክርስትያንን 40

## ቀዳማይ ክፋል

## ፩ይ ኣርእስቲ፣ ብዛዕባ ቅዳሴ

### ኣንቀጽ 1. ኣገባብ ኣቀዳድሳ፣

ከም ልማድ ቤተ ክርስትያን ብፍላይ ከኣ ኣብ ምሥራቃዊት ቤተ ክርስትያን ቅዳሴ ክቅደስ ከሎ ካህን ናብ ምሥራቅ ጠሚቱ ክቅድስ ኣለዎ። ሽሕኳ ጉባኤ ቫቲካን ካልኣይ ምምሕያሽ ሉጡርጊያ ኪተኣታቶ እንተ-ሓበረ፣ መሠረታዊ ለውጢ (Organic change) ብመርሕነት ጳጳሳት በይኑ ዝወሃብ እንተዘይኮነ፣ ካልእ ኣብ ሥርዓተ ሉጡርጊያን ኣገባቡን ብዝርኢ ለውጢ ክግበር ኣይፍቀደን።

በዚ መሠረት ምሥራቃዊ ልምዲ ክንዕቅብ "ምሥራቃውያን ኣብያተ ክርስቲያናት"
ዝብል ሰነድ ጉባኤን ዘምሥራቅ ሕገ-ቀኖናን ይእዝዝ። ብኣኡ መሠረት ኣብ ኤጳርቅና ከረን ኣብ ኩሉ ሉጡርጊያዊ ሥነ ሥርዓታት ንምሥራቅ ጠሚትና[1] (ሕቕኦና ንሕዝቢ ሂብና) ክንፍጽሞ ትእዛዝ ኣዩ።

### ኣንቀጽ 2. ኣገባብ ሥርዓተ ቅዳሴ[2]

2.1 ኣቀማምጣ ለባስያን ኣብ ታቦት
- ካህን ንምሥራቅ ጠሚቱ ይቅድስ (ንሕዝቢ ዝባኑ ሂቡ)
- ዲያቆናት ኣብ ፊቱ ይቆሙ
- ንፍቀ ካህን ኣብ ፊት ንፍቀ ዲያቆናት ይቀውም
- ንፍ.ዲያቆናት ብጸጋሙ ኮይኖም ፊት መንጽሮም ይጥምቱ

---

[1] ንምሥራቅ ጠሚቱ ዘይተሰርሐ ቤተ ክርስቲያን ምስ ዝኸውን ከምዘለዎ ንሕዝቢ ዝባኑ ሂቡ ኪቅድስ ኣለዎ።
[2] ሉጡርግያዊ መምርሒ ቁ. 3.
ለቡ፣ ለባስያን ኣብ ታቦት ምስኣተው፣ ብዘይካ ተለኣከሁ ካልኦት ዝኾነ ይኹን ምንቅስቃስ ኪገብሩ ኣይፍቀድን። መስቀል ዝሓዙ ዲያቆናት ኮነ ንፍቂ ድያቆናት እንትርፊ ኣብቲ ሥርዓት ዘፍቅደሎም፣ብዝኾነ ምኽንያት መስቀል ካብ ኢዶም ፈልዮም ኣብ መንደቅ ወይ ኣብ ካልእ ከጸግዕዎ ኣይፍቀድን፣ክንቀሳቀሱ ምስ መስቀሎም ይንቀሳቀሱ።





## 4ይ ኣርእስቲ፣ ኣሠራርዓ ሽማግለ ቤተ ክርስትያን

ሽማግለ ቤተክርስትያን እዚ ዝስዕብ ኣሠራርዓ ይህልዎም።

1.ኣቦ መንበር
2.ም/ኣቦ መንበር
3.ጸሓፊ
4. ተሓዝ ገንዘብ
5. ተቈጻጻሪ

## 5ይ ኣርእስቲ፣ ክፍሊ ቁጠባ ሽማግለ ቤተክርስትያን

1. ቆመስን ኣቦ መንበርን ተሓዝ ገንዘብን ተቈጻጻርን ናይ ቁምስና ቤት ምክፀ ቁጠባ (Parish Financial Council) የቑሙ።

2. ኣብ ባንክ ዘሎ ሕሳብ ቁምስና ብውሳኔ ቆመስን ሽማግለን ትእዛዝ ምስ ተዋህበ፣ ብቆመስን ፣ብተሓዝ-ገንዘብን፣ ተቈጻጻርን ፣ብግሊ ወይ ብሓባር ይንቀሳቀስ።

## 6ይ ኣርእስቲ ፣ ሥራሕ ሽማግለ ቤተ ክርስትያን

1. ሽማግለ ሥራሖም ኩሉ ምስ ቆመስ ኮይኖም ክውስኑን ንውሳኔታት ከኣ ኣብ ግብሪ ኬውዕሉ ይግባእ።

1.1 ኣቦ መንበር
- ሽማግለ ቤተ ክርስትያን ኣብ ዝተመዘዙሉ ሥራሕ ንምሥራሕ ብኣቦ መንበርነት ይመርሕ።
- ዘድሊ ጉዳይ ቤ/ያን ምስ ዝርከብ ሕፁጽ ኣኼባ ክጽውዕ ይክእል።
- ኣብ ኣድላዪ ጉዳይ ንሽማግለ ይውክል።

1.2 ም/ኣቦ መንበር
- ኣቦ መንበር ዝህቦ ሥራሕን፣ ኣቦ መንበር ኣብ ዘየለወሉ ጊዜ ቦታኡ ተኪኡ የመሓድር።

1.3 ጸሓፊ
- ምስ ኣቦ መንበር ኰይኑ ናይ ኣኼባ ዕለታዊ መርሓ ግብር የቕርብ።
- ኣብ ኣኼባ ዝተገብረ ውሳኔታትን ንጥፈታትን ይምዝግብ።
- ዘድሊ ሰነዳት/documents/ ኣብ ፋይል/Archives) ይሕዝ።
- መዛግብ ግብሪ ታቦትን ክልእ ቁምስና ዝህቦ ሥራሕ ይቈጻጸር።

1.4 ተሓዝ ገንዘብ

# ሳልሳይ ክፍሊ

## ብዛዕባ ሽማግለ ቤተ ክርስትያን

1ይ ኣርእስቲ ፡እንታይነት

1. ሽማግለ ቤተ ክርስትያን ዝበሃሉ ብሕዝብን ቆመስን ዝተመርጹ ንቆመስ ኣብ ምምሕዳርን ምክያድ ቊምስና ብምክዉን ብተግባርን ዝሕግዝዎ ኣማከርቲ እያቶም።
2. ኣብ ሓደ ቊምስና ከም ኣድላይነቱን ዕብየት ቊምስናን ተራእዩ፡ ዝተፈላለዩ ዓይነት ሽማግለ ክህልው ይከኣል።
3. ሽማግለ ቤተ ክርስትያን ሠለስተ ወይ ከኣ ካባኡ ንላዕሊ ኪኾኑ ይከኣል።

## 2ይ ኣርእስቲ፡ ሽማግለ ክኸውን ዝክእል

1. ብሃይማኖቱ ካቶሊካዊ ዝኾነ፡ ኣብ ቊምስና ነባሪ ምቅማጥ ዘለዎን፡
2. መንፈሳውን ፈታው ቤተክርስትያን
3. ከማሓድር ክእለት ዘለዎ
4. በዓል ኪዳን፣ ኣብ ኪዳኑ ዝነብር
5. ተሳታፊ ምሥጢራት

## 3ይ ኣርእስቲ፡ ኣገባብ ኣመራርጻ ሽማግለ

3.1 ሽማግለ ቤተ ክርስትያን፡ ብሕዝቢ ምስ ቆመሶም ብኣገባብ ይምረጹ፡

3.2 ቊጽሪ ሽማግለታ ብቆመስን ሕዝብን ይውሰን።

3.3 ቊምስና ቅድሚ ሽማግለ ቤተ ክርስቲያን ምምራጽ "ኣስመራጺት ኮሚቴ" የቑሙ

3.4 ኣስመራጺት ኮሚቴ ሕጹያት ይኾኑ ንዝበልዎም ሰባት የቅርቡ።

3.5 ካብቶም ዝምረጹ ሕጹያት፡ ዝምረጹ ሽማግለ ሰለስት እንተኾኑ እቲ ሓደ ብቆመስ ይምረጽ፡ ሓሙሽተ እንተኾኑ እቶም ክልተ ብቆመስ ይምረጹ።

3.6 ሽማግለ ምስ ተመርጹ ንሓሙሽተ ዓመት የገልግሉ፡ ድሕሪኡ ክቅጽሉ ወይ ክልወጡ ይከኣል።





- ኣናጒንስጢስ ብድሕሪ ካህን ይቆሙ
- ተለኣኺ ኣብ ምቹእ ዝበሎ ቦታ ኮይኑ ንለባስያን ይከታተል፡




ኣናጒንስጢስ - ኣናጒንስጢስ

## 2.2. ቅዳሴ በጉባሬ እንኪኸውን (ቊጽሪ ዲያቆናትን ንፍቅን ሰሰለስተ ይኾኑ)

➢ ለባስያን ካህናት ኣብ ታቦት ኣትዮም በቦታኦም ይሕዙ፣ ለባስያን ዲያቆናት ተምራሪሖም ምስ ጽንሓ ዝሓዘ ንፍቂ ካህን፣ ዘመንን ጊዜን ርእዮም፡ ንኣብነት ሰንበት እንተኾነ "ኲሉ ዘገብራ . . . ወዘተ" ናብ ታቦት ምስ ኣተዉ፣ ሠራዒ ካህን ኢዱ ተሓጺቡ ጸኒሑ " በስመ ኣብ ወወልድ ….. ቢሉ "ሚመጠን….. ቢሉ፣ ደድሕሪ መሶበ ወርቅ ዝሓዘ ንፍቂ ዲያቆን ይዓውድ፣ ዓዊዱም ናይ ታቦት ምስ ተመልሱ ነቲ ማሕፈድ ካብ መሶበ ወርቅ ኣውጺኡ ንንፍቀ ካህን ይህቦ፣ ኣብ ካልኣይ ዑደት ንፍቀ ካህን ምስ ዲያቆናት ይዓውድ፣ ምስ ተመልሰ ንሠራዒ ካህን ይህቦ፣ ሠራዒ ካህን ምስ ዲያቆናትን ንፍቂ ዲያቆናትን ንሳልሳይ ጊዜ ይያዱ፣ ዓዊዶም ምስ ተመልሱ ኣብ ታቦት ይድይቡ። ዲያቆም ጐይበ ወይኒ ሒዙ "እግዚኣብሔር ይርዕየኒ .." ቢሉ ምስ ያደ ናብ መንበረ ታቦት ንዘለዉ ካህናት ይህቦም። ብድሕርዝ ቅዳሴ ይቅጽል።

## 2.3 ቅዳሴ በጉባሬ ኣብ ዘይግበረሉ

➢ ካህን ቅድሚ ቅዳሴ ምእታው ነዚ ዝስዕብ ይሠርዕ።

- ኣብ መንበረ ታቦት ዘድልዮ ኩሉ (ከም መጽሓፈ ቅዳሴ፣ ቅ.መጽሓፍ፣ ጽዋዕ ወይኒ - ኅብስቲ . .)
- ዝለብሱ ዲያቆናትን ተሓጋገዝቶም ይቅርብ።

➢ ካህን ለቢሱ ምስ ለባሲያን ኣብ ታቦት ምስ ኣተወ

ሀ. ተራ መዓልቲ፣
- ሓደ ዲያቆን
- ሓደ ንፍቂ
- ዕጣን ዝሕዝ (ኣናጕንስጢስ)
- ሓደ ተለኣከይ (ኣብ ጊዜ ቅዳሴ ንሱ ጥራሕ ይንቀሳቀስ፣ ዝጎደለ ነገራት ብምርኣይ ይትክእ፣ ንዲያቆናት ንባባት ይቅርብ፣ ንካህን ኢድ የሕጽብ . . . ወዘተ)

ለ. ብሰናብትን በዓላትን፣
- ክልተ ወይ ሠለስተ ዲያቆናት (ብዝኀ እንተሎወይ ኣብ ቅዳሴ ኅባሬ)
- ክልተ ወይ ሠለስተ ንፍ.ዲያቆናት
- ክልተ ኣናጕንስጢስ (ዕጣን ዝኀዙ)
- ሓደ ተለኣከይ

## ፩ይ ዑደት

ዲያቆናትን ንፍቀ-ዲያቆናትን ብንፍቀ-ካህን (ብቀዳሲ) ተሰንዮም ይያዱ፣ ካልኦት ካህናት ኣብ ቦታኦም ይቆሙ፣ ሠራዒ ካህን ኣብ ታቦት ጸሎት ኣዕርጎ ይቕጽል።

## ፪ይ ዑደት

እዞም ዝተሰምዩ ዘይሮም ምስ መጽኡ፣ ሠራዒ ካህን፣ ንንፍቀ - ካህን ኅብስቲ ሒዙ ኪዓውድ ኣብ ማኅፈድ ገይሩ ምስ ሃቦ ዲያቆናትን ንፍቅ ዲያቆናትን ኣምሪሑ ይዓውድ።





4. ኣብ ቅ.ቍርባን ተቀሚጥዎ ዘሎ መንበረ ታቦት ዝበርህ ቀንደል ብቀጻሊ ከምዝበርህ ምግባር፣ ኣብ ኤለትሪክ ኣብ ዘይብሉ ቦታት ናይ ዘይቲ ወይ ናይ ባተሪ መብራህቲ ምጥቃም

5. ነፍስወከፍ መንበረ ታቦት ብመጋረጃ ዝጋረድ ኪከውን ኣለዎ፡፡

ለ. ብዛዕባ መጋረጃ ታቦት ዝርኢ

1.መጋረጃ መንበረ-ታቦት ቅዳሴ ምስ ተወድአ፣ ኣብ ካልእ ጊዜ ጸሎታት ክዕጾ ኣለዎ፣

2.ኣብ ጊዜ ዋዜማ ዝግበረሉ መጋረጃ መንበረ-ታቦት ክክፁት የብሉን።

6ይ ኣርእስቲ፣ ብዛዕባ ሕንጻ ቤተ ክርስቲያንን ቤተ ጸሎታትን ዝርኢ፣

1. ሓድሽ ቤተ ክርስቲያን ንምሕናጽ ካብ ናይ ኤጳርቅና ኣቡን ናይ ጽሑፍ ፍቃድ የድሊ፣ ከማኡ ቤተ ጸሎት ንምክፁት ብፍቃድ መንበር ጥራሕ ይከውን[22]፣
2. ኣብ ሕንጻ ቤተ ክርስቲያን ኮነ ቤተ ጸሎት ቦታ መንበረ ታቦት ንኣቡን ኤጳርቅና ከይተወከስካ ምስራሕ ኣይፍቀደን።

3. ብዘይካቶም ብልማድ ዓመታዊ ክብረ በዓል ኪገብሩ ዝጸንሑ ቤተ ጸሎታት፣ ካልኦት ብመሰረቱ ቤተ ጸሎት ንግደት ናይ ምግባር መሰል የብሎምን፣ በዚ መሠረት ቆመሳት ንሕዝቢ ፍልልይ ቊምስናን ቤተ ጸሎትን ከረድእዎም ይግባእ።

[22] CCEO c.870

# 4ይ ኣርእስቲ፤ መንፈሳዊ ኣገልግሎታት

## 4.1 መንበረ ታቦት ብዝምልከት፥

- መንበረታቦት እንብሎ፥ ኣብ ጊዜ ጸሎት መሥዋዕተ ቅዳሴ እነዕርገሉ፥ ቅ.ቊርባን ዝቅመጦ ናይቲ ሕንፃ ቤተ ክርስትያንና ቅድስተ ቅዱሳን እዩ።
- እዚ ቦታ እዚ፥ ግቡእ ከበሬታን፥ ጥንቁቅ ኣተሓሕዛን ዘድልዮ ምዃኑ ርዱእ እዩ፥ እንተኾነ ኣብ ዕለታዊ ኣተሓሕዛና ንሓድሓደ ነገራት ሥርዓት ክነትሕዞ ግድነት ኮይኑ ይርከብ ኣሎ፤ ሸለልትነትን ዘይምግዳስን ከኣ እናበዝሔ ይመጽእ ስለዘሎ፥ ነዚ ዝኽተል መምርሒ ተግባራዊ ኪኸውን ይግባእ።

### ሀ. ኣብ ጊዜ ጸሎት፥

1. ዝኾነ ምእመን፥ ብቅድሚ መንበረ ታቦት ኪሓልፍ ከሎ፥ ብሥርዓት ቈይሙ፥ ግቡእ፥ ስግደት ኪገብር፥፥ ብፍላይ ካህናትን ተምሃሮ ዘርኣ ክህነትን ዘርእ ምንኲስናን፥ መማህራን ት/ክርስቶስን፥ ንሕዝቢ ንማሕበር መንእሰያት፥ ንመ- መርያ ቊርባን ዝገብሩ ሕጻናት፥ ብግቡእ ከምህርዎምን ብግብሪ ኬርእይዎምን፥

2. ኣብ ጊዜ ቅዳሴ፥ብፍሉይ መንፈሳውነት ክዋስኡ፥ ብፍላይ ቅ.ቊርባን ኣብ ዝዕደለሉ ጊዜ ከኣ፥ ግቡእ ኣኽብሮት ኬርእዩ ምምሃር፥

3. ቅ.ቊርባን ናብ ሕሙማት እንኪውሰድ፥ ካህን ግቡእ ኣተሓሕዛ ብምግባር፥ ቅ.ቊርባን ሒዙ ከምዘሎ ፍሉይ ምልክት ኪገብር። ንኣብነት ካብ ልብሲ፥ ሞጣሕት (ናይ ቅድሚት እስቶላ) ገይሩ ዲያቆን ኣኸቲሉ ኪኸይድ፥ ኣብ መንገዲ ጎፍ ዝበሎ ምእመን ቆይሙ፥ ሰጊዱ፥ ከሕልፎ እንተኸኣለ ኬሰንዮ፥ ብማኪና ወይ ብቱግቱግ ዝኸይድ እውን ከማኡ ክገብር፥





## ፫ይ ዑደት፥

ንፍቀ ካህን ነቲ ሒዝዎ ዝጸንሓ ኀብስቲ ዝሓዘ ማሕፈደ፥ ንሠራዒ ካህን ምስ ኣረከበ፥ ስፍሓት መንበረ ታቦት ርእዩ ብዝሒ ዝዖዱ ካህናት ወሲኑ ይዖዱ። ምስ ተመልሱ ብዘይካ ንፍ.ካህን ኵሎም ካህናት ኣብ ታቦት ወይ ዝተሓበረሎም ቦታ ይሕዙ።

* ድኅሪዙይ ዲያቆን ”እግዚኣብሔር ይርዕዮኒ . . . ” እናበለ በይኑ ይዓውድ፥ ተለኣኽቲ ንቀዳስያን ወይንን ማይን የምጽኡሎም፣ ካብዚ እቲ ሠርዓተ ቅዳሴ ከም ኣገባቡ ይቅጽል።

4. ዲያቆናትን ንፍቀ-ዲያቆናትን ነናቶም እንኪብሉ፥ ካብ ቦታኦም ተንቀሳቂሶም፥ ናብ ማእከል ታቦት ደው ቢሎም (ብዘይካ ስብከትን፥ በእንተ ብፁዕን፥ በኩሉ ልብን፥ ካልእ ኩሉ ናብ ሕዝቢ ጠሚቶም፥ የዚሙ፥ እዚሞም ምስ ወድኡ ብቀጥታ ናብ ቦታኦም ይምለሱ።

5. ካህን ”ነኣኵቶ ለገባሬ ሠናያት... ” ምስ በለ፥ዲያቆናት፥ ቀዳመይቲ “ተንሥኡ ለጸሎትን . . . ጸልዩ ኀሡ . . . ናብ ሕዝቢ ጠሚቶም ምስ በሉ፥ ናብ ቦታኦም ይመለሱ፥

6. ንፍቂ ዲያቆናት፥ ስዒቦም ኣብቲ ዲያቆናት ዝጸንሕዎ ቦታ ኰይኖም “ጸልዩ በእንተ እለ ያበውኡ . . .” ምስ በሉ፥ ኣብ ሥፍራኦም ይምለሱ፥

7. ዲያቆናት፥ ”ስግዱ ለእግዚእብሔር . . .” ምስበሉ፥ ኣብ ዘለውዎ፥ ንፍቂ ድያቆናት ይሕወስዎም፥ ክልቲኦም ኣብ ቅድሚ ታቦት ሕቈኦም ንሕዝቢ ሂቦም ደው ይብሉ፣ ሻቡ ንፍቀ ካህን ”ጸሎተ ፍተሓት ዘወልድ . . .” የብጽሕ። ንሱ ምስ ወድኤ፥ ዲያቆናት ናብ ሕዝቢ ገጾም መሊሶም ”ስእለታት/ልመናታት” የንብቡ።

8. ንፍቂ ዲያቆናት፡ ኣብ ጊዜ ስእለታት ካብ ንፍቂ ዲያቆናት

- ሓደ መስቀል ኂዙ ይመርሕ፡
- ካልኣይ ምስ መስቀሉ መብራቲ ኂዙ
- ሣልሣይ መልእኽቲ ጳውሎስ ኂዙ ደድኅሪ ቀዳሲ-ካህን እናተኸተለ ይዖዱ።

9. ሥርዓተ ዑደተ ዕጣን ምስ ተፈጸመ፡ ንፍቂ ዲያቆናት ምስ መብራህቶምን መሳቅሎምን ቦታኦም ይምለሱ፡ ከማኡ ዲያቆናት፡

10. ለባስያን ካህናት ካብ ታቦት፡ ኣብ ታሕቲ ወሪዶም ”ንስግድ . . .” ይብሉ። ኣብ ማዕጣንት ምስ በጽሑ፡ ንፍቂ ዲያቆናት ፊት ሠራዒ ካህን ይቆሙ፤ ካህን “ስብሓት ወክብር ይደሉ ለኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ” እናበለ ይዓጥን፡ ንሳቶም ፊት - መንጽሩ እናዞሩ ኣርባዕቲኡ ማዕዝን ታቦት እናዞሩ “ይደልዎሙ ለኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ” እናበሉ ምስፈጸሙ ቦታኦም ይሕዙ።ከም ኣብነት ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሥእሊ ተመልከት።




11. ንባባት ምስ ተፈጸመ ጸሎተ ዕጣን ምስ ኣብጽሑ፡ ቀዳስያን ካህናት ካብ ታቦት ምስ ወረዱ፡ ዲያቆናትን ንፍቅን ተመራሪሖም ኣብ ቅድሚ ካህናት፡ ሕቄኦም ንታቦት ሂቦም ይቆሙ። ሻቡ ”ዘውእቱ ጊዜ ባርኮት . . .” ይብሉ ወይ ከኣ ”ሡራፌል ይሰግዱ ሎቱ . . .” ይብሉ እዚ እንክበሃል





## 3ይ ኣርእስቲ፤ ቅርጻ ቊምስና




1. ሥራሕ

ሀ. ቆመስ

- ቆመስ ከም ሕገ ቀኖና[20] ዝእዝዞ ናይታ ቁምስና ተጸዋዕን፡ ኣብ ኩሉ መንፈሳውን ሥጋውን ጉዳያት ቁምስና ተሓታቲ እዩ።

ለ. ሓ/ቆመስ - መልእክቲ ሂመቱ ብዝህቦ መሠረትን፡ ቆመስ ብዝውስኖሉ ሥረሓትን የገልግል። ቆመስ ኣብ ዘየለወሉ ጊዜ ከኣ ከም ንቆመስ ተኪኡ፡ ውክሳ ኣብዘድልዮ ከኣ ተወኪሱ ዘድሊ ናይ ቁምስና ሥራሕ የካይድ።

ሓ. ጸሓፊ/ት ኣብ ቊምስና ምስ ትህሉ ነዚ ዝስዕብ ሥረሓት የካይድ/ተካይድ

- ቅዳሴታት ምምዝጋብ
- ናይ ምሥጢራት ወረቀት ምስክርነት[21] ፎርም መሊእካ ንቆመስ ወይ ሓ/ቆሞስ
- ንቃል ኪዳን ዝሰናደው ሓድሓደ ምቅርራብ ኣብ ምግባር ምሕጋዝ
- ኣብ ቊምስና ንመሸጣ ዝቀርቡ ጽሑፋት ምሻጥን ምቁጽጻርን
- ናይ ቤት ጽሕፈት ቤተ መዛግብ ብጥንቃቀ ምሓዝ

[20] ሕገ-ቀኖና ዘምሥራቅ ኣብያተ ክርስትያናት ቁ. 281,1

[21] ኣብ ናይ ጥምቀት ምስክርነት ስም ዕለት ምልዋጥ ምስዝድለ፡ ናይ ሓታቲ ናይ ጽሑፍ ሓተታን ፡ዘድሊ መረጋገጺ ዝተሰነየ ናብ መንበር ብምልኣክዐክርኤ ይከኣል።

## ካልኣይ ክፍሊ

## ብዝዕባ ሓፈሻዊ ኣከያይዳ ቁምስና

### 1ይ *ኣርእስቲ፤ እንታይነት ቊምስና*

- ቊምስና ዝበሃል ክፍሊ ናይ ኤጳርቅና ኮይኑ፡ ደረቱ ዝተወሰነ ንጉስነት ነፍሳት ብዝምልከት ንሓደ ቆመስ ሕድሪ ዝተዋህበ እዩ[17]።

### 2ይ *ኣርእስቲ፤ ኣመሓዳድራ ቊምስና ምእመናን*

- ቊምስና ብቆመስን ብምትሕብባር ሽማግለ ቤተ ክርስትያንን ይመሓደር።
- ምእመናን ቁምስና ዝበሃሉ እንተ ወሓደ ሰለስተ ወርሒ ኣብ ቊምስና ክቅመጡ ዝወሰኑ[18]፡ ብዕሊ ኣብ መዝገብ ምእመናን ዝተመዝገቡ፡ ግቡኦም ዝገብሩን፡ መሰሎም ዝቅበሉን እያቶም።

- ግቡእ ተባሂሉ ዘሎ፡ ከም ግብረ ታቦትን ካልእ ቊምስና ዝእዝዞ ውጺኢታት ዘማልኡ፡
- መሰል ተባሂሉ ዘሎ ከኣ ካብ ቊምስና ዘድልዮም፡ መንፈሳውን ሥጋውን ኣገልግሎታት ዝረክቡ ማለት እዩ።

- ነዚ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ግቡእን መሰልን ዘየማልእ፡ ጋሻ ወይ ሓላፍ መንገዲ ጥራሕ እዩ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ሰብ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ምስ ዝሓትት ኩነታቱ ተጸኒዑ ብፍላይ ብናይ መንበር ፍቃድ ክግልገል ይከኣል[19]።

---

[17] ሕገ-ቀኖና ዘምሥራቅ ኣብያተ ክርስትያናት ቁ. 279
[18] ሕገ-ቀኖና ዘምሥራቅ ኣብያተ ክርስትያናት ቁ. 912,2
[19] ሕገ-ቀኖና ዘምሥራቅ ኣብያተ ክርስትያናት ቁ. 1491,3





ዲያቆናትን ንፍቅን ናብ ታቦት ግልጽ ኢሎም ይሰግዱ'ሞ ተመሊሶም ናብ ካህናት ይጥምቱ። ኣብ ጊዜ ትንሣኤ "ክርስቶስ ተንሥአ እሙታን...." ይብሉ ፡ ኣብዚ ዑደት ኣይግበርን፡ ካብዚ ጸሎተ ወንጌል የበጽሑ።

- ➢ ዲያቆን "ጸልዩ በእንተ ወንጌል" እንኪብል ናብ ሕዝቢ ይጥምት፡ ስብከት እንከዚይም ናብ ታቦት ጠሚቱ ይብል፡ ኣብዚ ጊዜዚ ናይ ቤተ ክርስቲያን ዓቢይ ደወል ኣይድወልን፡ በዓል እንተኮ ኣብ ክንዳኡ ከበሮ ይውቃዕ።

### 12. ድሕሪ ወንጌል

ዲያቆናት ካብ ቦታኦም ተንቀሳቒሶም፡ ኣብ ሕዝቢ ጠሚቶም <u>ጸልዩ በእንተ ሰላመ ቤ/ያን</u> . . . ኣባኡ ከለው ቀጺሎም <u>ጸልዩ በእንተ ዛቲ . . . ንበል ኵልነ</u> . . . የብጽሑ።
- ኣብ ጊዜ "ጸልዩ በእንተ ሰላም ፍጽምት ወፍቅር ተኣምኑ . . ." ዲያቆናትን ንፍቂ ዲያቆናት ብሓንሳብ ይብልዎ፡ ንኣኣ ኣዚሞም ናብ ታቦት ጠሚቶም ደው ይብሉ፡ ቀዳስያን ካህናት ናባኦም ግልጽ ምስ በሉ ምስኣታቶም ሰላም ይበሃሃሉ፡ ብድሕሪኡ ናብ ሕዝቢ ካብዚ ነናብ ቦታኦም ይመለሱ።
- ዲያቆናት "በእንተ ብፁዕ . . ." ኣብ ቦታኦም ኰይኖም ይብልዋ፡ ከማኡ ንፍቂ ድያቆናት "ወተዘከር ኩሎ . . ." ንእትብል የዚሙ።

### 13. *ጊዜ ምልዋጥ፡*

- ዲያቆናትን ንፍቅን መስቅሎም ኂዞም ኣብ በብታኦም ርእሶም ኣድኒኖም ይቆሙ።

- ድሕሪ ምልዋጥ፡ ተንቀሳቒሶም ናብ ሕዝቢ፡
'በኩሉ ልብ . . ." ኣብኡ ይጸንሑ ቀጺሎም ንፍቂ ዲያቆናትን ንፍቀ ካህን ዕጣን ዝኀዘን ይስዕብዎም'ሞ፡ "ጸልዩ" ብሓንሳብ ናብ ሕዝቢ ጠሚቶም ይብሉ፣ ኣብ ታቦት ጠሚቶም ከኣ ኣቡነ ዘበሰማያትን፡ ሠራዊተ መላእክቲሁን ይብጽሑ፡ምስ ዛዘሙ ከኣ ነናብ ቦታኦም ተመሊሶም "ነጽር" ይብሉ።

**14. ጊዜ “እግዚኦ መሓረነ“፣**

- ኩሎም ለባስያን ኣብ በቦታኦም ይቆሙ፣ ካህናት ቀዳስያን፡ ”እግዚኦ መሓረነ . . .” እንኪብሉ፡ <u>ቃጭል</u>[3] ኣይድወልን፡
- ቃጭል ሕዝቢ ክብሉ ጥራሕ ክሳብ ኩለን እግዚኦታ ዝፈጸማ ይድወል።

**15. ጊዜ ቍርባን**

- እግዚኦታ ምስ ተፈጸመ፡ ዲያቆናትን ንፍቅን፡ ናብ ሕዝቢ ጠሚቶም ”እለ ውስተ ንስሓ . . .” ቢሎም ናብ ታቦት ጠሚቶም ይቆሙ።
- ኣባኡ ከለው ”ጸልዩ በእንቲኣነ . . .” ይብሉ፡ ሻቡ ተለኣከቲ ነቲ መሳቅል ወሲዶም ኣብ ቤተልሔም ወይ ሳክርስቲ ካብ ዕርፈ-መስቀል ኣውጺኦም የቀምጥዎ[4]።
-

**16. <u>ደኅሪ ቁርባን</u>፣**

- ቀዳስያን ካህናት ኣብ ታቦት ኣስተናጽሖ እናገበሩ፡ ዲያቆናት ናብ ታቦት ጠሚቶም፡ ነኣኵቶ . . . ተመጠውነ . . . ወናእኵቶ . . .” ምስበሉ፣ ተለኣከቲ ነቲ ዕርፊ ዘይብሉ መስቀል ይዕድልዎም፡፡
- ድኅሪ ኣድንኑ ኣርእስቲክሙ ዲያቆን ነቲ ዕርፊ ዘይብሉ መስቀል ንሠራዒ ካህን ብኣኡ ክባርክዐ ይህብዎ። ኣባኡ ከለው ናብ ሕዝቢ ጠሚቶም ”እትው በሰላም . . .” ይብሉ።
- ካብዚ ተመራሪሖም በቲ ዝኣተውዎ፡ ናብ ቤተልሔም ይምለሱ። ፍጻሜ ሥርዓተ ቅዳሴ ይኸውን።

---

[3] ብዝመስል ኣብ ጥንቲ ከምዚ ሎሚ መጉልሒ ድምጺ ከይተማህዘ ከሎ፡ ቀዳስያን እግዚኦታ ከምዝፈጸሙ፣ ሕዝቢ ከኣ ክቅበል ቃጭል ይድውሉሎም ነይሩ። ነቶም ደገ ዘልዎ ንኸባብን ቅዳሴ ኣበይ ብጺሑ ከምዘሎ ንምሕባር ከኣ ዓቢይ ደወል።

[4] መስቀል ካብ ዘንጉ ንምውጻእ ዘጸግም ምስዝኸውን ካህን ብናይ ኢድ መስቀ ል ይባርኽ





## <u>ኣንቀጽ 4. ካብ ሸውዓተ ፍተሓት ናብ ኣርባዕተ ፍተሓት ምምላስ</u>

- ኣብ ቊምስናታት ዓንሰባ ሐድሽ-ዓዲ ፡ ጉሽ፡ ዋስደንባ ክሳብ ሎሚ ብሸውዓተ ፍተሓት ኪግበር ዝጸንሐ፡ ብኣርባዕተ ፍተሓት ይትካእ።
-

### <u>፲ይ ኣርእስቲ ፡ብዛዕባ መርዓ ኣብ ሰናብቲ</u>[15]

ሰንበት ብጥንቱ ዕለተ እግዚኣብሔር ክነሳ፡ ኣብ ቅ.መጽሓፍ ኮነ፡ ትእዛዛት እግዚኣብሔርን፡ ቤተክርስትያን ክትከብር ከምዘለዋ ርዱእ ትእዛዝ እዩ። ከማኡ

- ሰንበት መዓልቲ ኣኽብር፡
- ብሰናብትን በዓላትን ቅዳሴ ስማዕ፡
- ብዘይግባእ መዓልቲ መርዓ ኣይትግበር፡ ዝብል ክርስትያናዊ መሪሕ ዝሓዘለ እዩ። ሎሚ ግና ኩነታት ብዘምጽኦ ሽግራት ሰንበት እታ ዝበዝሐ ሥራሕ ዝግበረላ ዕለት ኰይና ትርከብ። ሕዝበ ክርስትያን ክንዲ ውራይ ድሕነት ዝገብሩላ፡ ብኣንጻሩ ክደፍርዋን፡ ብሰንበት ክግበር ዘይግብኦ ነገራትን ኪገብሩ ይርከቡ።

### <u>፲፫ይ ኣርእስቲ፡ ግብሪ ታቦት ብዝርኢ</u>[16]፣

ግብሪ ታቦት 12 ናቅፋ ዝነበረ 25 ናቅፋ ኮይኑ ኣሎ። ካብዚ እቲ 10 ናቅፋ ብመንገዲ ሊቀ ካህናት ናብ መንበረ ኤጳርቅና ከረን ኣታዊ ይከውን።

---

[15] መንፈሳዊ መምርሒ ናይ 18 ታሓሳስ 1996 ዓ/ግዕዝ (28.12.2003)

[16] መንፈሳዊ መምርሒ ናይ 18 ታሓሳስ 1996 ዓ/ግዕዝ (28.12.2003)

ይገብር፥ ኣብ መንገዲ ብመቁጸርያ ይስነ፥ ኣብ ጊዜ ቀብሪ እግዚኦታ ብዜማ ይግበር።

**ኣንቀጽ 2. ንነፍሲ ቅትለት ዝፈጸሙ ኣብ ኣንቀጽ 1 ብዘሎ ኣገባብ ይፍጸም፤**

## ኣንቀጽ 3. ናይ ንኡሳን ሥርዓተ ቀብሪ

- ብመሠረት ሕገ ቀኖና ቁ.909,2 ካብ 7 ዓመት ንላዕ ሊ ልቢ ከምዝገበሩ ገይሩ ስለዝቆጽሮም ንኡሳን ቢሉ ሰምይዎም ኣሎ። ከማኡ ከኣ ኣብ ቅኖና ቁ.800, ንወዲ እንተወሓደ 16 ዓመት ንጓል 14 ዓመት ንመርዓ ስለዘፍቅድ፥
  በዚ መሠርት ሥርዓት ቀብሪ ሕፃናት ብዝምልከት 14 ዝዕድመኡን ንላዕልን ግቡእ ናይ ዓበይቲ ሥርዓ ተ ቀብሪ ይግበረሎም።
- ካብ 14 ዓመት ንታሓቲ ዝኮነ ግና ከም ሕፃናት፥ ናይ ሕፃናት ሥርዓተ ቀብሪ ይግበረሎም። መ- መርያ ቁርባን ምግባር መሰል ሥርዓተ ቀብሪ ኣየውህብን።
- ነቶም ብተፍጥሮኦም ዓያሹ ዝኮኑ፥ ደረጃ ዕድሚኦም ብዘየገድስ ሥርዓተ ቀብርም ከም ሕጻናት ይከውን።
- ኣብ ሶምነ ሕማማትን ካብ ጽባሕ ሆሣዕና ክሳብ ዓ ርቢ ስቅለት ሥርዓተ ፍትሓት ቀብሪ ኣይግብርን፡ማለት ሬሳ ብመስቀል ዝሓዙ ዲያቆናት ተመሪሑ ኣብ ቤተ ክርስትያን ይመጽእ። ኣብ ቤተ ክርስቲያን ምስ ኣተወ ማይ ጸሎት ተነጺግዎ ብቀጥታ ናብ መቃብር ይውሰድ።





## ዜማ ቅዳሴ ብዝምልከት

1. ካብ መስከረም 26 - ኅዳር 5 = ዕዝል ይቅደስ
2. ኅዳር6 - ስብከት ዋዜማ = ግእዝ
3. ስብከት - ድራር ዞም = ዕዝል
4. ዓቢይ ጾም - ሆሣዕና ዋዜማ = ግእዝ
5. ሆሣዕና - ሰነ 17 = ዕዝል
6. ሰነ 18 - መስከረም 25 = ግእዝ
7. ኣብ ስቡሕ ወውዱስ ኣብ ዝተቆመሉ =ዕዝል ይቅደስ

## ፪ይ ኣርእስቲ፣ ብዛዕባ መባእ

## ኣንቀጽ 1. መባእ ቅዳሴ ብዝርኢ[5]፤

ክሳብ ሎሚ ኣቦታት ብዘጽንሑልና መሠረት፥ ቅዳሴ ድጋምን ዜማን፥ ቅዳሴ ንኡስን ዓብን፥ እናተባህለ ቅዳሴ ከም ቅዳሴኪ ፍልልይ እንተዘይብሉ፣ ኣብ ሕዝቢ ትርጉሙ ለዊጡ እቲ ቅዳሴ ድጋም ከም ቅዳሴ ኮይኑ ኣብ ዘይረኣየሉ ደረጃ በጺሑ። ከማኡ ንቅዳሴ ዝወሃብ መባእ'ውን፥ በዚ መሠረት ስለእተሓንጸጸ ኣብ ቅዳሴ ደረጃታት ፈጢሩ ይርከብ። ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን ነዚ ኣተሓሕዛዚ ዳግም ብምግምጋም ንቅዳሴ መሠረታዊ ትርጉሙ ብምሃብ፥ ቅዳሴ ደረጃታት ከምዘይብሉ ዘረድእ ኣሰራርዓ ብምቅራብ፥ እዚ ዝስዕብ መምርሒ ተግባራዊ ይኸውን።

መባእ ቅዳሴ ብዝምልከት ንኹሉ ቅዳሴታት ድጋም ይኩን ዜማ 30 ናቅፋ ክከውን ተወሲኑ ኣሎ። በዚ መሠረት ቅዳሴ ዜማ ኣብዘን ዝስዕባ መዓልታት ወይ ኢጋጣሚታት ጥራሕ ይግበር።

- ሰናብቲ፥ በዓላት፥ ኲሲሚ ቊምስና፥
- ሓመድ-ለበሰ፥ ዓሡር፥ ተዝካር፥ መንፈቅ-ዓመት።
- ካልእ ከም ዝክር ወርሓዊ ናይ ማሕበር በዓል ናይ ሰላም፥ ናይ ግሊ መብጽዓ ብድጋም ይኸውን።

[5] መንፈሳዊ መምርሒ ናይ 18 ታሕሳስ 1996 ዓ/ግዕዝ (28.12.2003)

- ኣብ ተደራቢ ወርሓዊ ማሕበራት ዘለውዎ፣ ነፍስ ወከፍ ማሕበር መባእ ቅዳሴ ኣወፍዩ፣ ቀዳሲ ናቱ ወሲዱ ዝተረፈ ኣብ ማዕከን ታቦት ኣታዊ ይኸውን።

## ኣንቀጽ 2. ኣብ ሰናብትን በዓላትን ንግደትን ዝወድቕ መባእ፣[6]

- እኽሊ፣ ኣብ ውሽጢ ኮነ ወጻኢ ቤተ ክርስትያን ዝወድቕ ካብ ሓሙሽተ ተረንሽዋ (ክለተ ኩንታልን ፈረቃን) ንታሕቲ፣ ንቀመስ ይወሃብ። ካባኡ ንላዕሊ ምስዝኸውን ቀመስ ዝምልከቶ ወሲዱ ዝተረፈ ንታቦት ይኸውን።
- ቀመስ ተጨማሪ ተገልጋሊ ቍምስና እንተለዎ፣ ኣብ ዕለተ ነግዱ፣ በዚ ኣብ ላዕሊ ዝተባህለ ይምራሕ፣
- ካልእ ብገንዘብ ኮነ፣ ብሽምዓ፣ ብእንስሳ መልክዕ ዝወድቕ ንታቦት ይኸውን።

## ኣንቀጽ 3. ቅዳሴ ጎርጎርዮስ ዝርኢ[7]

ቅዳሴ ጎርጎርዮስ ብመሠረቱ ምሥራቃዊ ባህሊ ኣይኮነን፣ እንተኾነ ከምልምዲ ተኣታቲዩ ስለዝጸንሐ ምስቲ ናይ ቅዳሴታት መምርሒ'ውን ክኸይድ ክበድ ክንድዘለዎ፣ ንምቅጻሉ ኣጸጋሚ ኰይኑ ተረኺቡ። በዚ መሠረት ኣብ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ካህናት ድሕሪ ምዝታይ፣ ቅዳሴ ጎርጎርዮስ፣ ሰላሳ ቅዳሴ ኮይኑ፣ ቀዳሲ ካህን ኣብ ዝጠዓሞ ጊዜ ዝቕድሶ ይኸውን። ከምቲ ንካልእ ቅዳሴታት ተሠሪዑ ዘሎ ኸኣ ንቅዳሴ ሰላሳ (30) ናቕፋ ይወሃብ።

**ኣንቀጽ 4.** ነፍሰ ቅትለት ዝፈጸሙ ቅዳሴ ከምቲ ሥሩዕ ይግበረሎም።

[6] ናይ 06.05.2004 ቁ.መ. CEK/BP/028/04 ተመልከት፣
[7] መልእኽቲ 7.7.2004, CEK/BP/050/04





- ➢ እንትርፊ ኣብ በዓለ ቅ. ቁርባን ዝግበር ዑደት ኣብ ካልእ ጊዜ ቅ.ቁርባን ሒዝካ ዑደት ኣይፍቀድን፣

## ፭ይ ኣርእስቲ፣ ብዛዕባ ኣጽዋማት

ሀ. ኣጽዋማት ዝበሃሉ እዞም ዝስዕቡ እያቶም።

| | | |
|---|---|---|
| 1. | ጾመ ድሕነት | ዓርበ ሮብዕ ዝግበር |
| 2. | ጾመ ልደት/ታሕሳስ | ካብ 16 ኅዳር ክሳብ በዓለ ልደት |
| 3. | ጾመ ገሃድ | ድሮ ልደት ጥምቀትን ዝግበር |
| 4. | ጾመ ነነዌ | መርዓ ኮነ ካልእ |
| 5. | ጾመ ሕርቃል | ሶሙን ቅድሚ ጾም ኣርብዓ |
| 6. | ጾመ ኣርብዓ | |
| 7. | ጾመ ሰነ/ሓዋርያት | ካብ ሶሙን ጰራቅሊጦስ ክሳብ 5 ሓምለ |
| 8. | ጾመ ፍልሰታ | ካብ 1-16 ነሓሰ |

## ለ. ጾመ ታሕሳስን - ሰነን ዝምልከት[13]

1. ኣብ ገጠር እቲ ኣቀዲሙ ተበዪኑ ዝነበረ ብኣኡ ይኺይድ፣
2. ኣብ ከተማ ከረን ጾመ ታሕሳስን ሰነን ከልካሊ ኰይኑ፣ ዝጸንሐ ተበዪኑ ኣሎ።

## ፮ይ ኣርእስቲ ፣ ብዛዕባ ሥርዓተ ቀብሪ[14]፣

### ኣንቀጽ 1. ካብ ኪዳናዊ ሕይወት ወጻኢ ንዝሞቱ

- ብመሠረት ቀኖና 877 ካብ ኪዳናዊ ሕይወት ወጻኢ ዝሞቱ ኩላቶም፣ ሬሳኦም ናብ ቤተ ክርስትያን ምስ መጽኤ፣ ካህን ለቢሱ ዲያቆን መስቀል ዘንጊ ዘይብሉ ኣምሪሑ፣ ኪዳን የብጽሕ፣ ሓንቲ ፍትሓት ኣብ ቤተ ክርስትያን፣ ሓንቲ ፍትሓት ኣብ መቃብር ብድጋም

[13] መንፈሳዊ መምርሒ ናይ 18 ታሓሳስ 1996 ዓ/ግዕዝ (28.12.2003)
[14] መንፈሳዊ መምርሒ ናይ 18 ታሓሳስ 1996 ዓ/ግዕዝ (28.12.2003)

ይትፌሣሕ ሰማይ ኣርባዕት ወዘተ በል። ምስ ወድኡ ሃሌ ሉያ ዮሴፍ ወኒቆዲሞስ ኢልካ ቅዳሴ ይጅመር።

## ለ. ኣብ ማኅሌት ዘይብለን ቊምስናታት

1. **ህየንተ ዋዜማ፡-** ራእይ ዮሓንስ ይንበብ። ቀጺሎም ድርሳነ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ምሥጢረ ትንሣኤ የንብቡ። እንደገና ቀጺሎም ለሃ ለማርያምን ድርሳነ ፈያታይን የንብቡ።

2. **ሥርዓተ ማኅሌት፡-** መራሒ ሰላም ለኪ… ኢሉ ይመርሕ። ቀጺሉ እውን ውዳሴ ማርያም ናይ ሰንበት፡ ተሰመይኪ ፍቅርተ ይመርሕ፡ ተመራሒ እስከ ፍጻሜ ይምራሕ። ወበእንተዝ ቊም ዜማ ብኅብረት ይበሃል፡ ተመራሒ "ታቦት…" ይቕጽል፡ እቲ ዝተረፈ ግን ብኅብረት ይከወ ብግሊ ክበሃል ኣለዎ። መራሒ በይኑ "ለኪ ይደሉ…" ይበል። ቀጺሉ ካህን ወካዕበ ናስተበቊዓ ለንግሥተ ኵልነ.. ምስ ኣብጽሐ "ቦኣ መልኣክ ኀቤሃ ወይበላ…." ይብል። ቀጺሎም "ተፈሥሒ ማርያም ለኣዳም ፋሲካሁ…" ይበሉ። ከም ሥርዓቱ ከኣ መቅድምን (ተኣምረ ማርያም) 3ተ ተኣምርን ይንበብ፡

2. ቀጺሉ ካህን ኪዳን ዘሌሊት የብጽሕ፡ ድሕሪኡ ዲያቆን "ወተንሥኡ.." ቢሉ ይሰብክፀ ካህን 3ተ ወንጌላውያን ማቴዎስ፡ ማርቆስ፡ ሉቃስ የንበቡ። ወንጌል ዮሓንስ ግና ኣብ ቅዳሴ ይንበብ።

3. **ሥርዓተ ዑደት፡-** ቀጺሎም መብራህቲ ኣብርሆም መስቀል ኣምሪሖም፡ ንትንሣኤ ዝምልከት ወረባት ከም "ኣማን በኣማን ተንሥአ እምነ ሙታን ከማኡ ትንሣኤከ ለእለ ኣመነ …" ዝኣመሰሉ ኣናወረቡ ሥርዓተ ዑደት ይፍጸም። ድሕሪ ንሕዝቢ መስቀል የሳልም። ምስ ወድኤ፡ ከም ሥርዓት "ሃሌ ሉያ ዮሴፍ ወኒቆዲሞስ.. ኢልካ ቅዳሴ ይጅመር።

## ኣንቀጽ 5. ብዛዕባ ዓመታዊ ክብረ በዓል

ሀ. ዑደት ብዝምልከት

- ኣቀማምጣ ቤተ ክርስቲያን ዘጸግም እንተዘይኮይኑ ዑደት ኣብ ውሽጢ ቅጽሪ ቤተ ክርስቲያን ኮይኑ ንቤተ ክርስቲያን ሰልሰተ ጊዜ ይዕወድ፡





# ፫ይ ኣርእስቲ፡ ብዛዕባ ምሥጢራት[8]

## ኣንቀጽ 1. ፈለምቲ ምሥጢራት ብዝምልከት

ፈለምቲ ምሥጢራት ኣብ ኤጳርቅና ከረን ካብ መስከረም 1997 ዓ/ም/ግዕዝ (September 2004) - ሚሩ ከምቲ ሕገ ቀኖና ዘምሥራቅ ኣብያተ ክርስትያናት ኣብ ቀኖና 695 ብዝእዝዞ መሠረት ሰለስቲኡ ምሥጢራት ብሓንሳብ ይወሃብ። እምበኣርከስ ኣተዓዳድላኡ ብመሠረት መጽሓፈ ምሥጢራት ዝእዝዞ ይከውን።

### ኣገባብ ኣፈጻጽማ ፈለምቲ ምሥጢራት[9]

ሀ. ኣብ ጊዜ ቅዳሴ

ካህን ወንጌል ምስ ኣንበበ፡ (ስብከት እንተሎ ድሕሪ ስብከት) ቅድም ሥርዓተ ጥምቀት የብጽሕ። ነኣኡ ምስ ፈጸመ ኣኸቲሉ ነቲ ኣብ መጽሓፈ ምሥጢራት ሥርዓተ ሜሮን ንዝብል ኣስዒቡ ይፍጽም።

ብድሕርዚ ቅዳሴ ክሳብ ጊዜ ቊርባን ይቕጽል። ኣብ ጊዜ ቊርባን ቅድሚ ኩሉ ንተጠማቂ ካብ ክቡር ደሙ ብሥጋ ጠሚዑ የቀብሎ። ነታ ብኣኣ ዝጠምዓላ ኅብስቲ ኣብ ጽዋዕ ይመልሳ፡ በዚ ሥርዓተ ፈለምቲ ምሥጢራት ይፍጸም።

---

[8] ኣተዓዳድላ ምሥጢራት ብዝምልከት፡
ምሥጢራት ብፍላይ ጥምቀት፡ ሜሮን ቃልኪዳን፡ ኣብ ቅዳሴ፡ ድሕሪ ወንጌል ክወሃቡ ኣለዎም፡ እዚ ምሳል ጥራሕ ዘይኮነ፡ ሉጡርጊያዊ ትእዛዝ እዩ። ካብ ቅዳሴ ወጻኢ ከውሃቦም ዝኽእል፡ ብሕማም ወይ ካልእ ኣገዳሲ ምኽንያት (Grave reason) ምስዝህሉ ጥራሕ እዩ። ቃልኪዳን ካብ ቅዳሴ ወጻኢ ክኸውን ዝኽእል፡ ብሃይማኖት ፍልልይ ምኽንያት ዘይካቶሊካዊ እንኪኸውንን፡ ካልእ ዕንቅፋት ዘስዕብ ምስ ዝኸውንን ጥራሕ እዩ።

[9] ሊጡርግያዊ መምርሒ ቁ.2

## ለ. <u>ካብ ጊዜ ቅዳሴ ወጻኢ</u>

ብሕማም ወይ ብገለ ምኽኑይ ኵነታት ተጠማቒ ኣብ ቤተ ክርስትያን ኣብ ጊዜ ቅዳሴ ክርከብ ምስዘይክእል፣

1. ካህን ንተጠማቒ ሥርዓተ-ጥምቀትን ሜሮን የብጽሓሉ፣ ኣብ ካልእ ጊዜ እቲ ሕጻን፣ ምስ ሓወየ፣ ወለዲ ኣብ ቤተ ክርስትያን ምስ ኣምጽእዎ ካህን ኣብ ጊዜ ቁርባን ካብ ቅዱስ ደሙ ብሥጋ ጠሚዑ የቀብሎ፣ በዚ ሥርዓት ኣተዓዳድላ ፈለምቲ ምሥጢራት ይዛዘም።
2. ኣብ ኣዝዩ ጽንኩር ኩነታት ፣ ዘጠምቅ ዲያቆን ወይ ምእመን ምስዝከውን ኣብ ውሽጢ ሓጺር ጊዜ ንዝምልከቶ ቆመስ ይሕብር፣ ቆመስ ከኣ ሥርዓት ሜሮንን ቅ. ቁርባንን ከምዝወሃብ ይገብር።

3. ጥምቀት ብዝምልከት[10]፣

- ኣብ ቍምስናታት ኣብ ሉጢርግያዊ ሥነ ሥርዓት ኣብ ዘለዎ ይፍጸም
- ጥምቀት ናይ ብዘይሕጊ ዝተወልዱን፣ ወለዶም ናይ ዘይተፈልጡ ሕጻናትን፣ ብኤጳርቅና ብዝተሰናደወ መዝገብ መሠረት ይከውን።

ነፍስወከፍ ጥምቀት ሓታቲ ሥድራቤት፣ እንተወሓደ ቅድሚ ክልተ ሶሙን ክሕብር ከምዘለዎ።
ኣብ ዝሕብረሉ ጊዜ

- ቈጸራ ዕለተ ጥምቀት ምሓዝ
- ስም ተጠማቒ የመዝግብ፣ ካህን ነቲ ዝወሃብ ስም ርእዩ ስመ ክርስትና ወሲኸፀ ሻቡ ክሕብሮም ይግባእ፣
- ኣቦ/እኖ ጥምቀት ናይ ዝከውን ስምን ኵነትን ክሕብሩ።
- ካህን ንወለድን፣ ኣቦ/እኖ ጥምቀትን እንተወሓደ፣ ቅድሚ ጥምቀት ሓደ መዓልቲ ቈጺሩ፣ ብዛዕባ ትርጉም ጥምቀትን፣ ሓላፍነት ወለድን፣ እኖ/ኣቦ ጥምቀትን ኣስተምህሮ ክህብ ትሑዝ እዩ።

[10] መምርሒ ቁ. 4





2. **ሥርዓተ ማኅሌት**፡- መራሒ ሰላም ለኪ.... ኢሉ ይመርሕ። ቀጺሉ እውን ውዳሴ ማርያም ናይ ሰንበት ተሰመይኪ ፍቅርተ ይመርሕ፣ ተመራሒ እስከ ፍጻሜ ይምራሕ። ወበእንተዝ ቁም ዜማ ብኀብረት በል፣ ተመራሒ "ታቦት..." ይቅጽል፣ እቲ ዝተረፈ ግን ብኀብረት ይከው ብግሊ ክበሃል "ወበእንተዝን፣ ጸሎታን.." ብኀብረት ይዝመም። ቀጺሉ ካህን ወካዕበ ናስተበቍዓ ለንግሥተ ኵልነ.. ምስ ኣብጽሐ ቀጺሉ "ቦኣ መላኣክ ኀቤሃ ወይቤላ...." ይብል። ቀጺሎም "ተፈሥሒ ማርያም ለኣዳም ፋሲካሁ .." መልክዓ ሥዕልን ይበሃል። ከም ሥርዓቱ ከኣ መቅድምን(ተኣምረ ማርያም) 3ቱ ተኣምርን ይንበብ፣

**ለቡ**፡- በብኣታ ግን መቅድም ኣይብሃልን ምክንያቱ 5500 ዘምን ኣብ ሲኦል ዝነበራ ነፍሳት ዝወጽኣሉ፣ ዕለት ምድኃኒና መዋቅሕቲ ናይ ሞት ሰባቢሩ ካብ ሙታን ዝተንሣኣሉ ዕለት ስለዝኮነ "ኣውገዝነ ወኣሰረነ በማእሰር ዝኢይትፍታኅ..፡እናበልካ ንሕዝቢ ምውጋዝ ግቡእ ኣይኮነን ብማለት፣ ንመቅድም ኣይቅበልዎን። ከማኡ ሥርዓት ቅዳሴ ነቲ ናይ ዕለቱ ዜማታት ግዜ ስለዝሓጽሮም ሥርዓት ቅዳሴ ኣይግበርን። ካህን "እግዚኣብሔር እግዚኦ..." ይብል፣ ዲያቆን ካኣ ምስማክ ይሰብክዐ ኣብዚ 3ተ ወንጌላውያን ማቴዎስ፣ ማርቆስ፣ ሉቃስ ይንበቡ። ወንጌል ዮሓንስ ግን ኣብ ቅዳሴ ይንበብ። ድሕሪኡ መራሒ፣ " ኣርያም ሃሌ ሉያ ለኣብ..." ይመርሕ፣ ብኀብረት ይዝመም። መራሒ ኣንገርጋሪ መሪሑ እስመ ለዓለም "ትሣኤከ...." ምስ ኣመርገዱ ንኣኡ እናወርበካ ሥርዓት ዑደት ይግበር።

3. **ደኅረ ዑደት**፡- ተሣሃልከ ከይበልካ፣ በኣራራይ፣ ዜማ ፮ ረይ ፣ ሃሌ ሃሌ ሉያ፣ ሃሌ ሃሌ ሉያ፣ ሃሌ ሉያ፣ ሃሌ ሉያ ይእቲ ማርያም እምነ... ከም ሥርዓት መዝሙር በል። ብምቅጻል ካህን ቅዱስ ኢሉ፣ ኪዳን የብጽሕ፣ ብድሕሪኡ ካህናት "ክርስቶስ ትንሥኣ እሙታን.." እናበሉ ንሕዝቢ መስቀል የሳልሙ።

4. ካህን መስቀል እናሳለመ፡- ያረዳውያን ሥርዓት ምስማክ እግዚኦ ጸወነ ኮንከነ.. ይብሉ።፣ ቀጺሎም ናይ ዕለቱ መዝሙር

ወተሓሰየ ልሳንነ፣
ኣሜሃ ይቤሉ ኣሕዛብ” ይብል።

**ካህን** ድማ ናይ ዕለቱ ወንጌል የንብብ።

- **ወንጌል ምስተነበ ሰቲ ይዕድል።**
- **ሥርዓተ ቅዳሴ፣** **“በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ፣ ሚመጠን”** ኢልካ ቅዳሴ ይእቶ።

<u>ምስባክ ዘቅድሴ፤</u> ኣንሰ ሰከብኩ ወኖምኩ
ወተንሥእኩ እስመ እግዚኣብሔር ኣንሥኣኒ
ኢይፈርህ እምኣእላፍ ኣሕዛብ

ወንጌል. ማቴ 27፣ 42-ፍ
- ቅዳሴ ዘዮሓንስ ኣፈወርቅ

- ድሕሪ ቁርባን፣ ኣብ ክንዲ ጸልዩ በእንቲኣነ **እመስቀሉ ክርስቶል ውስተ ሲኦል ወሪዶ ለጸላኢ ቀተሎ ርእሶ መተሮ**
- ኣብ ክንዲ ነኣኩቶ **ይትንሣእ እግዚኣብሔር ወይዘረው ፀሩ (3ተ ጊዜ)**
- ሰቲ ድሕሪ ቅዳሴ ይዕደል።

<u>ኣንቀጽ 4. ብዛዕባ ሥርዓተ ትንሣኤ ዝምልከት</u>

## <u>ሥርዓተ ትንሣኤ</u>

### <u>ሀ.</u> ኣብ ማኅሌት ዘለዎ ቁምስናታት

1. **ህየንተ ዋዜማ**፡- ራእይ ዮሓሃንስ ይንበብ። ቀጺሉም ድርሳነ ዮሓንስ ኣፈወርቅ፣ ምሥጢረ ትንሣኤ የንብቡ። እንደገና ቀጺሉም ለሃ ለማርያምን ድርሳነ ፈያታይን የንብቡ።





- ኣቦ/እኖ ጥምቀት ክከውን ዝክእል[11]፣
  - ንርእሱ ኣብ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ዝተጠምቀን ሜሮንን ቅ. ቁርባንን ዝተቀበለ
  - ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ ክከውን ኣለዎ። ኣቦ/እኖ ጥምቀት ካብቲ ሕጻን ዝጥመቀሉ ቊምስና እንተዘይኮይኑ፣ ናይ ቆመሱ ኣቦ/እኖ ጥምቀት ክከውን ከምዝክእል መሰነይታ ወረቀት ከቅርብ ኣለዎ።
  - እምነቱ ዝነብር፣ ነቲ ዝጥመቅ ሕጻን፣ ክርስትያናዊ ሕይወቱ ንምንባር ዝሕግዝን መንገዲ ዘርእን ኣርኣያ ዝህብን ኪከውን ይግባእ፣
  - በዓል ኪዳን እንተኮ ኪዳኑ ዝነብሮ (ሰበር ዘይኮነ)
  - ዘይተወገዘ ወይ ዘይተከልከለ፣(not be excommunicated suspended or deprived of the rights of carrying out the function as sponsor Canon 685§ 1)
  - ኣቦ/እኖ ጥምቀት ክከውን ዝክእል በቶም ዘጠምቁ ሥድራ ዝተረቁሐ ክከውን ኣለዎ
  - ወላዲ/ወላዲት ሕጻን - ኣቦ/እኖ ጥምቀት ኪኮ ኣይከኣልን፣
  - ዘይካቶሊካዊ ምስክር እምበር፣ ኣቦ/እኖ ጥምቀት ክከውን እይክእልን
  - ኣቦ/እኖ ጥምቀት ኪከውን ዝተሓስበ ብኣካል ክርከብ ኣለዎ፣

## <u>ኣመሃህራ ትምህርተ ክርስቶስ</u>

ትምህርተ ክርስቶስ (ካተከዚ) ብዝርኢ ሕጻናት ሓደ ጊዜ ፈለምቲ ምሥጢራት ምስ ተቀበሉ ቀጻሊ ሥጋሁ ወደሙ ክቅበሉ ኣድላዪ ኣይኮነን፣ በዚ መሠረት ኤጳርቅናና ነዚ ዝስዕብ ኣገባብ ኣመሃህራ ትምህርተ ክርስቶስ ክንክተል ትመርጽ።

[11] CCEO c. 685

ሕጻናት ኣብ ጊዜ ጥምቀት ፈለምቲ ምሥጢራት ድሕሪ ምቅባል፡ ደቂ 8 ዓመት ምስ ኣኸሉ፡ ብቆመሳቶም ጸውዒት ተገይሩ፡ ናይ ክልተ ዓመት መደብ ትምህርተ ክርስቶስ ድሕሪ ምስታፍ፡ ብዓ- ብ <u>መ- መርያ ቍርባን</u> (Solemn 1st Communion) ይገብሩ። ኣብዚ ጊዜ'ዚ ቈልዑ ዝኣክል መሠረተ ክርስትና ዝኾኑ ጸሎታትን፡ ትምህርትን፡ ልምዲ ቤተ ክርስትያን፡ ክንገሮምን ክመሃርውዎን ይግባእ። ኣብዚ መደብዚ ክተርፍ ዘይብሉ እዚ ዝስዕብ ይኸውን።

1. እቲ ልሙድ ጸሎትን፡ መን-ፈጠረናን ምምሃር፡
2. መቍጸርያን ጸሎተ ቡራኬን ምምሃር
3. ቅዳሴ ድጋም ዜማን ከምዝመሃሩ ምግባር
4. ብዛዕባ ምሥጢራት ትእዛዛት እግዚኣብሔርን ቤተ ክርስትያንን ምስ ዕድሚኦም ብዝሰማማዕ ኣገባብ ኣስተምህሮታት ምሃብ።
5. ብዛዕባ ሥነ-ሥርዓት፡ ኣክብሮ ወለድን መራሕትን፡ ሞራላዊ ሕይወት ኣፍልጦ ምሃብ።
6. ካልእ ቆሞስ ይጠቅሞም ዝበሎ ይወስኸሎም።

<u>ኣንቀጽ 2. ምሥጢረ ተክሊል</u>

ሀ. ቃል ኪዳን ከምቲ መጽሓፈ ምሥጢራት ዝእዝዞ ኮይኑ ክፍጸም ይግባእ።ስለ ሥርዓት ቃል ኪዳን ከም መጽሓፈ ሉጥርጊያና ዝእዝዞ ብካፓን ኣ ሊልንክፍጸም ኣለዎ።

<u>ለ. ቃል ኪዳን</u>

1.ኣብ መንጎ ካቶሊካውያን ምእመናን ዝፍጸም፡ ከም ሥርዓት ሕገ ቀኖና ዘምሥራቅ ኣብያተ ክርስትያናት ዝእዝዞ ይፍጸም፡

2.ኣብ መንጎ ካቶሊካውያንን ካልኦት ኣመንትን ምስ ዝከውን ንመንበረ ኤጳርቅና ዝርኢ እዩ፡

3. ቃል ኪዳን ኣብ ዝግበረሉ ጊዜ፡





11. ወንጌል ምስተነበ ዲያቆን መስቀል ንመራሒ ይህብ። መራሒ ድማ "ኣንሰ በኣዕይንቲሁ" ብግእዝን ዕዝልን ይመርሕ። ኣልቦ ዝማሜ ወጸናጽል። መራሒ "ወለመልኣከ ሕይወትሰ" ይመርሕ። ሕጂ ግን ዝማሜ "ወለመልኣከ ሕይወትሰ" ብሕብረት ይዝመም።

ምልጣን፡- "ገብረ ሰላመ በመስቀሉ"፡ ብየማን ብጸገም ኣመልጥን። ዝመም፡ ጸንጽል ብሕብረት ኣልቦ መረግድ። ህየንተ መረግድ ኣመላልስ። ማለት "ገብረ ሰላመ በመስቀሉ" እንዳበልካ ሰቲ ዓድል። ሰቲ ምስተዓደለ፡

12. ቅዳሴ፡ "በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ፡ ሚመጠን" ኢልካ ቅዳሴ እቶ። ናይ ዕለቱ ስብከት፡ ንባባት፡ ወንጌል፡ ኣኰቴተ ቁርባን ግጻዌ ተመልከት። እዚ ኩሉ ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘረ ሥርዓት ቀዳም ስዑር ኣብ ዓበይቲ ኣድባራት ናይ ዜማ መምህራን ዘለውዎ ከም ሥርዓቱ ይፍጸም።

## <u>ኣብ ማኅሌት ክቆሙ ኣብ ዘይክእሉ ኣድባራት</u>

*መመሃራን ናይ ዜማ ስለ ዘይረክቡ፡ ብዓቅሞም ነዘን ዝስዕባ ግድነታዊ ኣገባባት ይክተሉ።*

- ቤተክርስትያን ወይባኡ ውስት ቤተ ወይትጋብኡ ካህናት ውስተ መቅደስ ወያንብቡ ብውርድ ንባብ መኃልየ መኃልይ። ካህንን ድያቆንን ካብ ምዕራፍ ሓደ ክሳዕ ሳልሳይ ምዕራፍ "ኣመተንሥኣ" እናበሉ ታቦት ይዑዱ። ወሕዝብኒ ከማሁ "ኣመተንሥኣ ወኣንሥኣ" እናበሉ ይቅበሉ።
- ሳልሳይን ራብዓይን ግን ኣብ ቅድስቲ ኮይኖም በብምዕ ራፉ "ስግዱ ለኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥላሴ ዋሕድ" እናበሉ ታቦት ይዑዱ። ሕዝቢ ከኣ "ስግዱ ለኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥላሴ ዋሕድ" እናበሉ ይቅበልዎም።
- ካብዚ ቀጺሉ ካህን ጸሎተ ዕጣን የዕርግ። ኣልቦ ኪዳን ወቦ እለ ይብሉ ቦ።
- ሥርዓት ስብከት፡- ዲያቆን ናይ ዕለቱ ምስማክ "ኣሜሃ መልኣ ፍሥሓ ኣፉነ

5. ዝክረ ሙታን ካህን ሊጠን "ሶበ ኣኮ እግዚኣብሔር ምስሌነ"፡ ምስ በለ ቀጺሉ በእንተ እለኖሙ ብሕብረት የብጽሑ።
6. ኣቡን፡- "ክርስቶስ በኵር" መራሒ ይመርሕ፡ ተመራሒ ይምራሕ፡ ብወገን የማን መራሒ ዘለው ብሕብረት "ክርስቶስ በኵር" ተቀቢሎም ይምርሑ; ብወገን ጸጋም መራሒ ዘለው ከኣ ይክፀሉ። ሥርዓት ኣዘያይማኡ ከም ናይ ዓቢይ ጾም ኢዩ።
7. ሥርዓት መዋስእት፡- መዋስእት እንተ ተካፊሉ 12 ወይ 9 ወይ ከኣ 6 እንተወሓደ ከኣ 5 ከብጽሕ ግድነት እዩ።
8. ኣቡን፡- ክርስቶስ በኵር ብሕብረት ዝመም። ምልጣን፡- ወያሬእዮ ብርሃነ ኣመልጥን። ብሕብረት ዝመም ኣልቦ ጸናጽል።
9. ኣራራት፡- "እስመ ለዓለም ምሕረቱ" ከይበልካ፡ "ምድር ኣድለቅለቀት" መራሒ ይመርሕ። ተመራሒ ይምራሕ። ብወገን የማን መራሒ ዘለው ብሕብረት "ምድር ኣድለቅለቀት" ተቀቢሎም ይመርሑ፡ ብወገን ጸገም መራሒ ዘለው ከኣ ይክፀሉ ብሕብረት ከኣ ይዘሙ። ሥርዓት ኣዘያይማኡ ከኣ ናይ ዓቢይ ጾም ኢዩ። ምልጣን፡- "በትንሣኤከ እግዚኦ፡ መራሒ ይመርሕ። ብሕብረት "በትንሣኤከ እግዚኦ" ዝመም።
ኣራራት፡- "ሰቀሉ ምስሌሁ" መራሒ ይመርሕ። ተመራሒ ይምራሕ፡ ብወገን የማን መራሒ ዘለው ብሕብረት "ሰቀሉ ምስሌሁ" ተቀቢሎም ይመርሑ፡ ብወገን ጸጋም መራሒ ዘለው ከኣ ይክተሉ። ብሕብረት ከኣ ይዘሙ። ሥርዓት ኣዘያይማኡ ከም ናይ ዕቢይ ጾም ኢዩ።
10. መራሒ ውዳሴ ማርያም፡- "ሰላም ለኪ.." ኢሉ ይመርሕ ናይ ዕለቱ ውዳሴ ማርያም ብዜማ ይብጽሕ። ናይ ዕለቱ ስንክሳር ይንበብ ካልኡት መጻሕፍቲ እውን ይንበቡ።
ሥርዓት ስብከት፡- ዲያቆን ናይ ዕለቱ ምስማክ "ኣሜሃ መልአ ፍሥሓ ኣፉነ ወተሓሤ ልሳንነ ኣሜሃ ይቤሉ ኣህዛብ" ይብል። ካህን ድማ ናይ ዕለቱ ወንጌል የንብብ።





- ቆመስ ንመርዓውቲ ዝከውን እቲ ልሙድ ኣብ ቅድሚ መንበረ ታቦት ናይ ክብሪ ቦታ ከሰናድዉ ኣለዎም፡
- ሰኣልቲ ብካመራ ኮነ፡ ቪድዮ ዘልዕሉ ፍሉይ ቀዋሚ ቦታ ኪውሰነሎም፡ ነዚ ንምትግባር ቆመስ ምስ ሽማግለ ቤተክርስትያን ጽኑዕ ምክትታል ኪገብሩ።
- ከማኡ ኣብ ጊዜ ኣሓዱን፡ ንባብ ወንጌልን፡ ጊዜ ስብከትን፡ እግዚኣታን ጊዜ ምዕዳል ቅ.ቍርባንን ክንቅሳቅሱ ከምዘይግባእ።

ለቡ፡ ኣብ ጊዜ ቃል ኪዳን፡ እዚ ዝስዕብ ጥብቂ መምርሒ ንሕዝቢ፡ ብፍላይ ከኣ ንኪዳን ዝገብሩ ቅድሚ ጊዜ ክንገሮም ኣለዎ፡

1. ሰኣልቲ ኮኑ ቪድዮ ዘልዕሉ፡ ክርስትያን ክኾኑ ከም ዝግባእ፡ ድሕሪ ቅዳሴ ምዝዛም፡ መጋረጃ መንበረ ታቦት ይዕጾ፡ ካብ መጋረጃ ንንየው ሓሊፍካ፡ ዝኾነ ይኹን ሥእሊ ኣይፍቀድን።

2. ኣዕሩክዐ መርዓት ኮኑ ናይ መርዓዊ፡ ኣብ ጊዜ ቃልኪዳን፡ ክርስትያን ጥራሕ ፡ቤተ ክርስትያን ኪኣትዉ ይፍቀደሎም።

3. መሓዙት መርዓት ንቤተ ክርስትያን ዝበቅዕ ክብሪ ቤተ ክርስቲያንን ባህልን ዘክብር ኣከዳድና ክለብሳ ከምዘለወን፡

## ፩ይ ኣርእስቲ፡ ብዛዕባ በዓላት[12]

### ኣንቀጽ 1. ልደት፡

በዓል ልደት ፣ቅድሚ ሕጂ ኣብ ገለ ቊምስናታትና ፍርቂ ለይቲ ክቅደስ ጸኒሑ፤ እዚ ልምዲ'ዚ ናይ ላቲናውያን ኮይኑ ብጊዜ ምስዮናውያን ዝተኣታተወ እዩ፡ ሎሚ ቤተ ክርስትያን፡ ምሥራቃዊ ሕገ ቀኖና ሠሪዓ ኣብቲ ጥንታዊ ልማድና ክንምለስ ትእዝዘና ኣላ፡

[12] መንፈሳዊ መምምርሒ ናይ 18 ታሕሳስ 1996 ዓ/ግዕዝ (28.12.2003)

በዚ መሠረት ካብ ናይ ሎም ዓመት ልደት 1996 ግዕዝ (2003) - ሚሩ ኣብ ኤጳርቅና ከረን ኣብ ኩለን ቊምስናታትን ቤተ ጸሎታትን፣ ሥርዓተ ቅዳሴ ናይ በዓ ለ ልደት፣ ድሕሪ ሰዓት 4፡00 ናይ ለይቲ ክኸውን ኣለዎ።

## ኣንቀጽ 2. ሥርዓት ዑደተ ሆሣዕና ብዝምልከት፣

ኣብ ሥርዓተ ዑደተ ሆሣዕና እውን ካብቲ ሥርዓተ ሉጡርጊያ ዝእዝዞ ወጻኢ ብዘይ መንገዱን ኣብ ዘይቦታኡን ኣብ ኩለን ቊምስናታትና ኪወሃብ ጸኒሑ፤ እዚ ልምዲ'ዚ መሥመሩ ዘይሓለወ ጥራሕ ዘይኮነ ትርጉም ሉጥርጊያዊ ኣሠራርዓ ስለዘጥፈኤ፣ ብመሠረት ሕገ ቀኖና ናብ ጥንታዊ ኣገባቡ ክምለስ ብዝእዝዘና፣ ካብ ናይ ሎሚ በዓለ ሆሣዕና (1996 ግዕዝ) 2003 ሥርዓተ ዑደተ ሆሣዕና ከምኣቲ መጽሐፈ ሉጥርጊያና ዝእዝዞ ቅድሚ ቅዳሴ ክግበር ኣለዎ።

## ኣገባብራኡ ብዝምልከት፣

- ካህን ምስ ዲያቆናቱ ለቢሱ ዝባረክዐ ሆሣዕና ሒዞም ኣብ መንበረ ታቦት ቆይሞም " እግዚኣታ" ይገብሩ፣ ሕዝቢ እንኪምልስ ከኣ ዲያቆን መስቀል ኣምሪሑ ሆሣዕና ዝተሰከሙ ብምስዓብ ሰለስተ ጊዜ ይዖዱ። ብድሕሪኡ ዲያቆን ካብ መልእክቱ ጳውሎስ ምስ ኣንበበ ምስባክ ይብል፣ካህን ወንጌል ምስ ኣንበበ ከምቲ ኣብ መጽሐፈ ሥርዓተ ሆሣዕና ዝእዝዞ ሆሣዕና ይዕ ድል።
- ካህን ዑደተ ሆሣዕና በብምዕራፉቱ ምስ ፈጸመ ዲያቆን ብደገ ኣብ ኣፍደገ ቤተ ክርስቲያን ኮይኑ፣ "ኣርኅው ኆኅተ መንኳንት" ቢሉ ምስ ኣብጽሓ፣ ካህን ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያን ኮይኑ፣ "ይባእ ንጉሠ ስብሐት" ቢሉ መዓጾ ምስ ከፈተሉ፣ ተመራሪሖም ናብ ታቦት ብምእታው ኢዱ ተሓጺቡ "ሚመንጠ . ."





ቢሉ ቅዳሴ ይኣቱ፣ ሥርዓተ ሆሣዕና ብከምዚ ኣገባብ ይፍጸም።

## ኣንቀጽ 3. ሥርዓተ ቀዳም ሥዑር

1. ወይትጋብኡ ካህናት ውስተ ቤተክርስትያን ወይባኡ ውስት ቤተ መቅደስ ወያንብቡ ብውርድ ንባብ መኃልየ መኃልየ። ካህንን ድያቆንን ካብ ምዕራፍ ሓደ ክሳዕ ሣልሳይ ምዕራፍ ካብ መኃልየ መኃልየ ምስ ኣንበቡ፣ "ኣመተንሥኣ" እናበሉ ታቦት ይዑዱ። ወሕዝብኒ ከማኍ ኣመተንሥኣ ወኣንሥኣ እናበሉ ይቅበሉ።
2. ሣልሳይን ራብዓይን ግን ኣብ ቅድስቲ ኮይኖም በብምዕ ራፍ "ስግዱ ለኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥላሴ ዋሕድ" እናበሉ ታቦት ይዑዱ።

ሕዝቢ ከኣ "ስግዱ ለኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥላሴ ዋሕድ" እነበሉ ይቅበልዎም።

3. ካብዚ ቀጺሉ ካህን ጸሎተ ዕጣን የዕርግ። ኣልቦ ኪዳን። ወቦ እለ ይብሉ ቦ። መራሒ ዕዝል፡- ንሕነሰ ንሰብክ ክርስቶስሃ . . . ይመርሕ። ተመራሒ ይምራሕ። ብወገን የማን መራሒ ዘለው ብሕብረት ንሕነሰ ተቀቢሎም ይመርሑ። ብወገን ጸጋም መራሒ ዘለው ከኣ ይክፁሉ። ሥርዓተ ኣዘያይምኡ ከም ናይ ዓቢይ ጾም ኢዩ።
4. ድሕሪዚ ሃሌሉያ ሃሌሉያ ኢልካ ንሕነሰ ንሰብክ ክርስቶስሃ . . . ብሕብረት ይዝመም። ምልጣን፡- ወትቤ ሢኦል ኢሉ መራሂ ይመርሕ፣ ተመራሒ ይምራሕ። "መኑ ውእቱ ዝንቱ" እናበሉ ዝማሜ ይዘሙ ጸናጽል ይጽንጽሉ የምርግዱ። ቀጺሎም "ወትቤ ሢኦል" ብናኡስ ይጽንጽሉ ኣልቦ መረግድ። ከማኡ እውን እዘን ዝክፁላ ዕዝል ዜማ ማለት፡- "ምስለ ኣቡሁ፣ መድኃኒተ ኮነ፣ ሕያው ተንሥአ፣ ሢዒሮ ሞተ በሥጋ" እዚኣን ዝማምኤን ጸናጽለን መረግደን ከም ናይ "ወትቤ ሢኦል" ኢየን። ሥርዓተ ዜማኣን ግን ከማ ኣንገርጋሪ ብየማን ብጸጋም ኢዩ።